# ቶንኮል ገዛእትና ከምዘይንዕረ ጌሩና
28.11.2017
ብበላይ መስፍን

ናይ ቱርኪ ግደፍዎ
ንህዝብና ለሽ ኣቢሉዎ
ሕሱም ግዝኣት ካኣ ሰመዩዎ

ጥልያን ካኣ መጸ
ውግእ ምስ ዓለም መረጸ
ንህዝብና ካብ ቤቱ ኣውጸ

ዝሃበና ትምህርቲ
ናይ ኣርባዕተ ዓማውቲ
ዝያዳ ከይንፈልጥ ምእንቲ

ውግእ መስ ጠንሰሰ
መንእሰይና ዳህሰሰ
ንሊብያ ሊኢኹ ኣብረሰ

እንግሊዝ ካኣ መጸ
ብፖለቲካ ህዝቢ ኣናወጸ
ፈደረሽን ትባሃል ኣምጸ

ናጽነትና ከይንሕዛ
ብሽርሒ ተታሓሓዛ
ሃገር ናብ ኢትዮጵያ ኣጎዝጎዛ

ፖለቲካ ኣእትዩ ካኣ ገዲፉና
ንሱ'ዩ ዘይሳማምዕ ሕማምና
ፈውሲ ሲኢናሉ ንነብር ኣለና

ቃልሲ ምስ ጀመርና
ኣበይ ገዲፎሙና
ንኣና ዘመስል ሰኹያምልና

መዋጽኦ ከይንደሊ
ኩሉሻዕ ይፍሕሰልና ፈትሊ
ብልሓት ጠፊኡና ንእ ዝኣሊ

ሰላም ከይገብር ከይንጻረሮ
ምርጫ ከይገብር ከይንስዕሮ
ሓኒቑ ሒዙና ከም መንሽሮ

መዋጽኦ ሃሰስ ከይንብል
ሕማም እንግሊዝ ምኣስ ይዘብል
ንመዋል'ዩ ዘብለካ ዕንክሊል

ሒዙና ዘሎ'ሽ ዋዛዶ
ንኹሉ ንሱ'ዩ ዘዋደዶ
ንህዝብና ካኣ እኒሀ የዋረዶ

ህዝብና ገርሂ ንሱ ከይሲ
ንናቱ ሽርሒ የብሉን ፈውሲ
ብልሓት የድልየካ ኣሎ ተቓላሲ

ኣብ ሃይማኖታት ካብ ሰገረ
ክፈልጥ ኣለዎ ከም ዝተሳዕረ
ደጊም ኣይነብርን'ዩ ዝገበረ እንተገበረ

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና